**S C**

ሰላም ቅኑእ ሰላም ኣገልግሎት السلام صواب السلام سعي

---

# ምርድዳእ ማእረ ይገብር
# التفاهم سوى دان

ተማቒልካ'ያ ኣለም ተማቒልካ ንበር
ህይወት ሃብ ክበር ኣይትቕበር
ንበይንኻ ኣይግበርን ቁምነገር
ስራሕ ጃብር ኣይኮነ ዋላ ስራሕ ጋብር።

የማነ ጀብረ ሚካኤል ከምዚ ኢሉ፡
"ንፋቐር ንሳነ ንከባበር
ንእብየት ብልጽግና ንቑምነገር"
እሞ ሕበር ስመር ኣይትከበር
ኣይተገድድ ንታሪኽናይ ሓባር
ኣይትግበር ንበይንኻ ንታሪኽ ማይ ሓባር
ራህርህ ለግስ ልቢ ሰብ ኣይትስበር
ራህርህ ለግስ ልቢ ምእመናን ኣይትስበር።

ያ ኣላህ ያ ረቢ ያ ገባር
ይእከል በለና ስደት ምብራር
ጥቕሚየ ብሉን ስደት ምስጋር
ናብራ ኣይትገብረሉ ቁምነገር ሓዳር።

ስደት ስድነት'ዩ ኣይንረሓሓቕ
ኣይነፍእ ኣየ ብልሕ እንትርፎ ሕማቕ
ጽሩይ ነገር የብሉ እንተርፎ ጽያቕ
ናይ ቀልዲ ህይወት'ዩ ንዓና መስሓቕ።

ማእረ ለምለም ነቑማንርኣያ
ብርሃን'ያ ኑር ኩሉ ዝደልያ
ኣይትበሉ ደርሆ ንጽባሕ'ያ
ከብዲ ሎሚ ብኣይኑ እናረኣያ።

ተርድኡ ማእረ ትቑም ንነብሲ
ተረዱኡ ማእረ ትቑም ብልግሲ
ተረድኡ ማእረ ትቑም ንራሕሲ
ተረድኡ ማእረ ትቑም ንፈውሲ።

**Awwal Care As-hama**
**01-Feb-'12**